

# ኣፍልጦ ጾታዊ ዝምድናን ሕብረተሰባዊ ውህደትን መንእሰያት ስደተኛታት ምብራቕ ኣፍሪቃ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ክብ ምባል

## ውድድር ሓጺር ጽሑፍ/ዛንታ

ፔንሃ ([PENHA](PENHA)) ብድጋፍ ሃገራዊ ሎተሪ እንግሊዝ ዘዳለዎ

**መወዳደሪ ቛንቛታት :- ኣምሓርኛ፡ ዓረብኛ፡ ኦሮሚኛ፡ እንግሊዘኛ፡ ሶማልኛ፡ ትግርኛን ካልኦት ቛንቛታት ቀርኒ ኣፍሪቃን**

ውድድር ዝዕጸወሉ ዕለት: **30.04.2023**

ብዙሓት መንእሰያት ስደተኛታት ምብራቕ ኣፍሪቃ ነቲ ከቢድ ዝኾነ ጉዕዞ ስደት በዲሆም ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ምስ በጽሑ ሓያሎ ባህላውን ማሕበረ-ቁጠባውን ብድሆታት ይገጥሞም። ብሰንኪ ናይ ቛንቛ ሕጽረት፡ ባህላዊ ፍልልያት፡ ከምኡ'ውን ንሕጊ ዓባይ ብሪጣንያ ብዘይምርዳእ ብዙሓት ካብኣቶም ዝተፈላለየ ጸገማት የጋጥሞም። ንኣብነት፥ ግዳይ ጾታዊ ዓመጽ ምኳን ወይ ብኻልኦት ብጾታዊ ዓመጽ ምኽሳስ። ከም ሳዕቤኑ ከኣ፡ ግዳይ ዘይተደላዩ ማእሰርትን ምስፋር ስምካ ኣብ መዝገብ ገበነኛታት ጾታዊ ዓመጽ ክኣትዉን የገድዱ። ስለዚ፡ ምስ ጾታዊ ዝምድናታት፡ ጾታዊ ዓመጽ፡ ፍቓድ ሕጋዊ ዕድመ ምምስራት ጾታዊ ዝምድና፡ ከምኡ'ውን ኣብ መንጎ መበቆል ሃገርካን ዓባይ ብሪጣንያን ዘሎ ፍልልይ ጾታዊ ዝምድናታት ኣብ ምርዳእ ምስ ዝተኣሳሰሩ ሽሞንተ ዛንታታት ንምሕታም ውድድር ዛንታ ንጽውዕ ኣለና። እዚ ኣብ መንጎ እቶም ናብ ዓባይ ብሪጣንያ ዝመጹን ኣብዚ ጉዳይ ተገዳስነት ዘለዎም መንእሰያትን ዝካየድ ዘሎ ስነ-ጽሑፋዊ ውድድር፡ ንፕሮጀክት '[Beyond managing expectations: Supporting the integration of refugees in Kent](Beyond managing expectations: Supporting the integration of refugees in Kent)' ዝብል ኣበርክቶ ክገብር ትጽቢት ይግበር።

እዞም ስደተኛታት መንእሰያት ዝሓሸ መጻኢ ናይ ምህናጽ ዓቕሚ ኣለዎም። እዚ ውድድር ድማ፡ ምስ ጾታዊ ዝምድናታት ዝተኣሳሰር ውልቃዊ ተመኩሮታቶም ዘስተንትኑሉ ዕድል ዝኸፍተሎም ይኽእል'ዩ። እዚ ንጥፈት፡ ዛንታታቶም ወይ ዛንታ ካልኦት ብምጽሓፍ ከሳትፎም ይኽእል። እዚ ድማ ንቕሓቶም ኣብ ጾታዊ ዝምድናታትን ጾታዊ ርክብን ንክውስኽ፡ ክፍጸም ዝኽእል ገበናት ኣብ ምክልኻል ክሕግዞም፡ ነቲ ዘጋጥሞም ብድሆታት ኣብ ምስጋርን ከምኡ'ውን ሕጋዊ ምኽሪ ወይ ሓገዛት ኣብ ዝደልዩሉ እዋን ኣበይ ከምዝረኽቡ ክፈልጡን ክሕግዞም ይኽእል።

**መምርሒ ንተሳተፍቲ ውድድር**

- ክሽፈኑ ዝኽእሉ ኣርእስታት - ጾታዊ ትምህርቲ፡ ጾታዊ ዓመጽ፡ ፍቓድ ሕጋዊ ዕድመ ምምስራት ጾታዊ ዝምድና፡ ምስ ዝምድናታት ዝተኣሳሰር ባህላዊ ፍልልያትን ምርድዳእን ወዘተ... እቲ ዛንታ፡ ምስ ጉዕዞ ናብ ዓዲ እንግሊዝ ምምጻእ ወይ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ምስ በጽሑ ዘጋጠሞም ተመኩሮ ኣብ ዝተኣሳሰሩ ጉዳያት ክኸውን ይኽእል።
- ምስዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ኣርእስታት ዝተኣሳሰር ካብ 1-2 ገጽ ወይ 1000 ቃላት ዝሓዘ ዛንታ ምፍራይ። እቲ ዛንታ ኣዝዩ ሓጺርን ብቐንዱ ኣብቲ ቴማ ዘተኮረ ክኸውንን ይግባእ። ልዕሊ 2 ገጽ ዘለዎም ዛንታታት ብገምጋሚት ኮሚቴ ኣይክግምገሙን ኢዮም። ተወዳደርቲ ብሓንቲ ዝሕፍቲ ጥራይ ይወዳደሩ።
- እቲ ዛንታ ብቛንቛታት እንግሊዝኛ፡ ኣምሓርኛ፡ ዓረብኛ፡ ኦሮሚኛ፡ ትግርኛ፡ ሶማሊኛን ካልኦት ቛንቛታት ቀርኒ ኣፍሪቃን ክጽሓፍ ይከኣል።
- ዕድመ ደረጃ፡ 16–25። እቲ ጸሓፊ ኣብዚ ክሊ ዕድመ'ዚ ክኸውን ይምረጽ። እንተኾነ ግን፡ እቲ ውድድር ንዝኾነ ሰብ ክፉት ኢዩ - እንተላይ ነቶም ንመንእሰያት ዝተሓጋገዙ ሰራሕተኛታት ማሕበራዊ ጉዳያት የጠቓልል።
- ተወዳደርቲ ወይ ኣበርክቶ ዝገብሩ ጸሓፍቲ <u>ተቐማጦ ዓዲ እንግሊዝ/ዓባይ ብሪጣኒያ</u> ጥራይ ይኾኑ።
- ስነ-ጽሑፋዊ ስርሕ እቶም ስነ-ጥበባውን ክግምገም ኢዩ። ዝበለጹ ዛንታታት ድማ ሽልማት ክረኽቡ ኢዮም። ማለት ዛንታኻ እንተተመሪጹ £100 ክትሽለም ኢኻ። ዋንነትን መሰል ጸሓፍን ናይ ደረስቲ ይኸውን።
- እቶም ዝተመርጹ ዛንታታት ብመልክዕ ንእሽቶ ዲጂታላዊ መጽሓፍ ኣብ ወርሒ ግንቦት 2023 ክሕተሙ ኢዮም።
- ናብዚ ውድድር ንምእታው ዝሕተት ክፍሊት የለን። ጽሑፍ ዝቐርበሉ ናይ መወዳእታ ዕለት፡ **30.04.2023**

ንዝኾነ ሕቶ፡ መብርሂ ወይ ጽሑፍ ንምርካብ ንበረኽት በዚ ኢመይል ምርካብ ይከኣል። [info@penhanetwork.org](mailto:info@penhanetwork.org)

PENHA
MIGRATION, YOUTH & DEVELOPMENT PROGRAMME

COMMUNITY FUND